# ጻዕቂ ክትበት

ሳልሳይ ክታበት ንምኽታብ ዘለናዮ ኲነታት ዘሀውኽና’ዩ። ነተን ንምኽታብ ሓገዝ ዘድልየን ንኡሳን ዘባታት ምክልኻል ንክሕግዘን መንግስቲ ንምክልኻል ሓቲትዎ ኣሎ። ንኡሳን ዘባታት ካብ ፋርማሲታት ሓገዝ ክትበት ንክረኽባ እውን የቃልለለን ኣሎ።

– ንብምልኦም ልዕሊ 45 ዝዕድሚኦም ኣብ ውሽጢ ክልተ ቕነ፡ ማለት ክሳብ መፋርቕ ወርሒ ጥሪ ሳልሳይ ክታበት ንምኽታብ ዕድል ንምሃብ ከም ዕላማ ተታሓሒዝናዮ ኣለና። ዕላማና ንምጒኑጻፍ ድማ ሓደስቲ ሜላታት ንጥቀም ኣለና። ንኡሳን ዘባታትና እምብዛ ሓያል ዕማም ኢየን ዝዓማ ዘለዋ፡ ዝወርደን ዘሎ ጸቕጢ ግና ሓያል ኢዩ። መንግስቲ ብወገኑ ንምክልኻል ሓይሊ-ዕማም ኣቕሒሙ ንንኡሳን ዘባታት ኣብ ምኽታብ ንክተሓባበርወን ሓቲትዎም ኣሎ። ወለንተኛታት፡ ሓካይም ስኒ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ትካላት ዋኒንን ሞየኛታት ጥዕና ሆስፒታላትን እውን ንዝቘማ ሓይሊ-ዕማማት ንምሕጋዝ ግደኦም ከበርክቱ ይኽእሉ ኢዮም ይብል ቀዳማይ ሚኒስተር ዮናስ ጋኣር ስተረ (ሰልፊ ዕዮ/Ap)።

–ክትበት ህይወት የድሕን ኢዩ። እዞም ሕጂ ኣብ ሆስፒታል ዝዕቄቡ ዘለው ተሓከምቲ ብቀዳምነት ኢኲቱባንን ክልተ መራፍእ ክታበታት ጥራሕ ተኸቲቦም ዝጸንሑ ሽማግለታትን ኢዮም። ሳልሳይ ክታበት ንምውሳድ እሺ ምባል ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ከም ምኳኑ ኢዩ እዚ ዘስምረልና። ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ካብ ከበድቲ ሕማማት ይከላኸለልና ኢዩ ኢልና ንሓስብ ኢና፡ ካብቲ ኦሚክሮን ዝብሃል ዓይነት ቫይረስ እውን ብተመሳሳሊ ይከላኸለልና ኢዩ ክትብል ብወገና ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል ተገናዝበና፡ (ሰልፊ ዕዮ/Ap)።

ንልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም፡ ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 18 ክሳብ 64 ንዝርከቡ ብሰንኪ ኮቪድ-19 ከቢድ ሕማም ንክሓሙ ዘስግኦምን ኣብ ኣገልግሎት ሕክምናን ክንክንን ዝዋፈሩ ሰራሕተኛታትን ንምኽታብ ኢዩ ኣብዚ እዋን እዚ ዝያዳ ወሳንነት ዘለዎ። ኣብ ኣገልግሎት ሕክምናንን ክንክንን ዝዋፈሩ ሰራሕተኛታትን ሽማግለታት ዝኾኑ ተሓከምቶምን ንምክልኻል ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ምኽታብ ኣድላዪ’ዩ። ንልዕሊ 65 ዝዕድሚኦምንን ተነካእቲ ዝኾኑ ጉጅለን ተኸቲቦም ምስ ወድኡ፡ ንልዕሊ 45 ዝዕድሚኦም ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲታትን ኣጸደ-ህጻናትን ብቐዳምነት ሰሪያም ንክኸታትብዎም እውን መንግስቲ ንኡሳን ዘባታት ሓቲትወን ኣሎ።

– ፋርማሲታት ኣብ መዳይ ክትበት ንክተሓጋገዛ ድልዋት ከም ዘለዋ ኣፍሊጠናና ኣለዋ። ኣብ መንጎ ንኡሳን ዘባታትን ፋርማሲታትን ንዝካየድ ምትሕብባር ነቃልሎ ኣለና፡ ከምኡ እውን ንኡሳን ዘባታት ምስ ዘድልየን ክጥቀማሉ ዝኽእላ ንቡር ዝኾነ ውዕል ይንደፍ ኣሎ። በዚ መሰረት ንንኡሳን ዘባታትና

ህዝብና ንምኽታብ ንፋርማሲታተን ከዋፍራ ሕጂ ይቃለለልን ኣሎ ብምባል ትሕብር ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል። ማዕረ ማዕሪኡ ኸኣ ኣብ መንጐ ካልኣይን ሳልሳይን መርፍእ ክታበት ዘሎ ዝሓጸረ ግዜ ጋግ፡ ነቶም ካብ 45 ንላዕሊ ዝዕድሚኦምን ብሰንኪ ኮቪድ-19 ከቢድ ሕማም ንክሓሙ ዘስግኦምን ኣብ ኣገልግሎት ሕክምናንን ክንክንን ዝዋፈሩ ሰራሕተኛታትን ናብ 4,5 ኣዋርሕ ኣውሪድናሎም ኣለና። መታን ንኡሳን ዞባታትና ንብምልኦም ነቶም ኣብ መንጐ ካልኣይን ሳልሳይን መርፍእ ክታበት ዘሎ ግዜ ጋግ ናብ 4,5 ኣዋርሕ ኣውሪድናሎም ዘለና ጉጅለ ንምኽታብ ትካል ህዝባዊ ጥዕና/FHI ቀቅድሚ ልደት ዘሎ ግዜ ተወሳኺ መራፍእ ክታበታት ክልእኽለን ኢዩ።

–ሞየኛታት ጥዕና ኣብ ዝቐልጠፈ ተሎ ኢሎም ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ንኽተቡ ዘሎ ኣገዳስነት ልዑል ከም ምዃኑ ብወገነይ በዚ ኣጋጣሚ እውን ከዘኻኽር እፍቱ። እዚ ወላ ነቶም ኣብ ናይ ንኡሳን ዞባዉያን ዝርከቡ ኣገልግሎት ጥዕና ይኹን ነቶም ኣብ ፍሉይ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝዋፈሩ እውን ዝምልከት ይኹውን። ከምኡ እውን እቶም ክሳብ ሕጂ ቀዳማይ ይኹን ካልኣይ መርፍእ ክታበት ዘይተኽተቡ ዘለው ንክኽተቡ እሺ ንክብሉ ኣምሪረ ክላበዎም እደሊ። ንኡሳን ዞባታት ህዝብና ንምኽታብ ዘካይድኦ ዘለዋ ዕማም ሓያልን ዘይንዓቕን ኢዩ፡ ምስ ኦሚክሮን ዝብሃል ዘሎ ዓይነት ቫይረስ እሞ ኸኣ እቲ ዘካይድኦ ዘለዋ ጻዕሪ ግደኡ ዝያዳ ከም ዝዓዘዘ ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል ተተሓሳስብ።